# ዘበን ዝፋን ኣምላኽ
## ራእይ 4፡1-11

ኣተኵሮ ትምህርቲ፡ ራእይ 4፡1-2ሀ።

*"ድሕርዚ፡ ድማ፡ እንሆ ኣብ ሰማይ ክፉት ደገ ርኤኹ። እቲ ምሳይ ኪዛረብ ከሎ ዝሰማዕክዎ ኽም መለኸት ዝኾነ ቀዳማይ ድምጺ ኸኣ፡ ድሕሪ ሕጂ ዚኸውን ነገር ከርእየካስ ነጀው ደይብ በለኒ። ሽዑ ብመንፈስ ኰንኩ፡ ...።"* (ራእይ 4፡1-2ሀ)።

### 1. ድሕሪ ዘበን ቤተ-ክርስትያንከ እንታይ?

ራእይ ዮሃንስ 1፡1-11 ሓፈሻዊ መእተዊ ናብ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ ይህበና። ካብ 1፡12 ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ናይ ሳልሳይ ምዕራፍ ድማ እቲ ቀዳማይ መልእኽቲ፡ ትንቢት፡ ብዛዕባ መዋእላት ቤተ-ክርስትያን፡ ብትእምርቲ ናይ እተን ሾብዓተ ማሕበራት ገይሩ የቕርበልና። እዚ ካብ 33 ድ.ል.ክ. ጀሚሩ ክሳዕ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ዘሎ ዘበናት ድማ ይዓምም። ነዚ ድሮ ናይ 2,000 ዓመታት ታሪኽ ኣልዒልናሉ ኣሎና፤ ጌና ኸኣ ኪቕጽል እዩ። ምኣስ ከም ዝዛዘም ድማ ሓደ እኳ መሊኡ ዝፈልጦ የልቦን (ማቴ 25፡13)።

እንተኾነ እውን ይቐርብ ምህላዉ ግና እነለልየሉ ሓያለ ምልክታታት ብትንቢት ተዋሂቡ ንረኽቦ። ዘበን ናይ ቤተ-ክርስትያን ምስ ተፈጸመ፡ ራእይ ዮሃንስ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ዘበናት ካብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ጀሚሩ ክቕርቦ ኸሎ ንርእዮ። ነዚ እዩ፡ ኣብ 4፡1 "ድሕርዚ፡ ድሕሪ ሕጂ ዚኸውን" እናበለ ከነትትኵረሉ ዚሕብረልና።

### 2. ዘበን ዝፋን ኣምላኽ

#### 2.1. ድሕሪ ምዝዛም ወዋእል ቤተ-ክርስትያን።

"ድሕሪዚ" ማለቱ፡ ድሕሪ ምዝዛም መዋእል ቤተ-ክርስትያን እዩ። ብድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን፡ ኣምላኽ ናይ ዝፋን መዋእል ኪኸፍት እዩ። እዚ ድሕሪ ምዝዛም ዘበን ቤተ-ክርስትያን ዝፍልም መደባት ናይ ኣምላኽ፡ ንምድሪ እኳ ዝትንክፍ እንተ ኾነ፡ መንሃርያኡ ሰማይ ድኣ እምበር፡ ኣብ ምድሪ ኣይኰነን። ነዚ ምእንቲ ከነቕልበሉ ድማ እዩ ዮሃንስ፡ "ድሕርዚ ድማ፡ እንሆ፡ ኣብ ሰማይ ክፉት ደገ ርኤኹ" ዚብል።

#### 2.2 ኣብ ሰማይ ክፉት ደገ - ደይቡዎ ድማ፡

ዮሃንስ፡ ኣምላኽ ምስ ከሰተሉ፡ ቅድም ክፉት ደገ ኣብ ሰማይ ርእዩ። ቀጺሉ ድማ ብመንፈስ ብምኻን ናብቲ ኣምላኽ ዝነበሮ ሰማይ ከም ዝደየበ ይገልጽ።

ዮሃንስ ዝዛረበሉ ዘሎ ሰማይ፡ ቅድም ዝረኣየ፡ ቀጺሉ ድማ ደይቡ ዝኸዶስ ኣበይ እዩ ዘሎ? ጌና ኣብ ምድሪ ኸሎ ከም ክፉት ደገ ዘለዎ ኰይኑ ተራእይዎ። እዚ ማለት ተኸዊልዎ ነይሩስ፡ ቅልዕ ኢሉ ተጋሂድሉ የስምዕ። እምበር ብዕንጨይቲ፡ ብሓጺን ... ወዘተ እተሃንጸ ማዕጾ ነይርዎ ማለት ኣይኰነን። ኣብ ልዕሊ እዚ፡ ማዕጾ ምልክት ናይ ዋና ዘለዎ ቤት፡ ብፍቓድ እቲ ዋና ጥራይ ዝእቱ እዩ። ማለት፡ ሰማይ ኣሎ፤ ዋና ድማ ኣለዎ።

ወንጌል ማቴዎስ 25፡10 . . .

ኣብ እዚ ሰማይ ኣምላኽ ኣሎ ኣብ ዝፋኑ፡ ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት፡ ኣርባዕተ ህያዋን፡ ጅሆ ቅዱሳን፡ ጅሆ መላእኽቲ፡ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ፡ ብትእምርቲ ዝነድድ መብራህቲ ተመሲሉ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ድማ ዘለዉዎ፡ ክብርን ግርማን ውዳሴታትን

ፍጻሜታትን ዝዓዘዞ ቦታ እዩ። ብጸግኡ፡ ኣብኡ ክንህሉ የብቅዓና!

ቦታ ካብ ኰነስ እንዛረበሉ ዘሎና ሰማይ፡ ዮሃንስ ደይቡ ዝኸዶስ ኣበይ ኰን ኣሎ? መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ብዛዕባ ቦታ፡ ምድሪ፡ ሰማይ፡ ሰማየ-ሰማያት እናበለ የተምብሀ።

ዘበናዊ ኣስትሮኖሚ ካብ 1,500 ዓም ጀሚሩ እዩ ክምዕብል ጀሚሩ። ከምቲ ዝምህሮ ድማ ፍጥረት ማእለያ ዘይብሉ፡ መስተንክር ርሕቀታትን፡ ጉጅለታትን ደምበታትን ኣለዎ።

ጸሓይን እቶም ኣብ ዙርያኣ ዘለዉ ትሽዓተ ዓለማት ደምበ ጽሓይ ይብሃሉ (Solar System)። ካብ ጫፍ ንጫፍ ደምበ ጸሓይ ኣስታት 3,827,000,000 ማይልታት = 5,850.000,000 ኪሜ፡ ይኸውን። ደምበ ሚልኪ ወይ ድማ 18,628,200,000 ማይልታት= 29,972,200,000 ኪሜ እዩ።

ምርሓቕ ደምበ 0Q172 3,166,794,000,000 ማይልታት = 5,066,870,400,000 ኪሜ ርሒቑ ይርከብ። እዚ ቑጽሪታት እዚ እምበኣር ናይ እንዛረበሉ ዘሎና ፍጥረት ስፍሓት ማእለያ ዘይብሉ ቦታ ምዃኑ ኣፋፍኖት ይህበና።

እንዛረበሉ ዘሎና ሰማይ፡ ከም ቦታ፡ ኣምላኽ ዘለዎ፡ ታእላው ዘይብሎም መላእኽቲ ዘለዉዎ፡ ቅዱሳት ሰባት ብብዝሒ ዘለዉዎ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ቦታ ኽዳልወልኩም እየ ኢሉ፤ ሰማይ ዝብሃል ቦታ፡ ክንዮ ደምበ ጽሓይ (Solar System) ዝሓዘ ዓለም ምዃኑ ግና ግምት ክንገብር ንኽእል። ስለዚ ፍጥረት ማእለያ ከም ዘይብሉ፡ ኣብኡ ድማ እንዛረበሉ ዘሎና ሰማይ ከም ዘሎ ንግንዘብ።

ናብዚ ሰማይ እዚ ክድይብ ንዮሃንስ ብኣምላኽ ተነጊርዎ (4:1)። ዮሃንስሲ፡ ነቲ ምቍጽጻር ናይ "ግራቪቲ" ጥሒሱ ካብ ክልል ደምበ ጽሓይ ዘሎ ሰማይሲ ከመይ ገይሩ እዩ በጺሕዎ? ኣብ 4:2 መልሲ ይህበሉ። "ሽዑ ብመንፈስ ኰንኩ" ይብል። እምበኣር ዮሃንስ፡ ናብቲ ኣምላኽ ደይብ ዝበሎ ሰማይ ምእንቲ ኺበጽሕ፡ ናይ ግድን ኺልወጥ ነይርዎ። ነዚ ብሚልዮናት ማይልታት ወይ ኪሜ ዝርሕቀቱ ሰማይ ክበጽሖ እተለወጠ ለውጢ፡ ዮሃንስ፡ "ብመንፈስ ኰንኩ" ኢሉ ይገልጾ። እዚ ናይ ስነ-ሓሳብ ለውጢ ወይ ድማ ለውጢ ናይ ፍጥረቱ የመልክት። ጳውሎስ ተመሳሳሊ ተመክሮ ከም ዘሕለፈ ኣብ 1ይ ቈረ 12:1-4 ይጠቅስ። ዮሃንስ ድማ ከምኡ ናብ ላዕሊ ከም ዝደየበ፡ መስተንክር ነገራት ከም ዝረኣየ፡ ዘብክዮ ከም ዘጓነፎ የዘንቱ። ስለዚ እዚ ጕዕዞ ናይ ዮሃንስ ናብ ሰማይ፡ ከምቲ ጥረ ቃሉ፡ ጕዕዞ ምዃኑ ንርዳእ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ናብዚ ሰማይ እዚ እዩ ዓሪጉ (ግብ 1:9-11)። ከምኡ ድማ ብመዓልቲ ትንሳኤ፡ እቶም ኣመንቲ ተለዊጥና ብደበና ክንልዓልን ምስ ጐይታ ክንከውንን ኢና። ስለዚ፡ እዚ ተመክሮ ናይ ዮሃንስ፣ ተመክሮ ናይ ኩሎም ኣመንቲ ብዕርገት ዝኾኑሉ ጊዜ ኪመጽእ እዩ (1ይ ተሰ 4:13-18)።

## 3. ስለምንታይ ምድያብ ናብ ሰማይ?

"ድሕሪ ሕጂ ዚኸውን ነገር ክርእየካ ነጀው ደይብ በለኒ" ይብል (4:1ሐ) ድሕሪ እንታይ? ድሕሪ ዘበን ቤተ-ክርስትያን። እዚ ኸኣ እቲ ብድሕሪ እቲ ብትእምርቲ ናይ እተን ሾብዓተ ማሕበራት ተኣሚቱ ዘሎ ፍጻሜታት ምስ ተዛዘመ ማለቱ እዩ።

ይቕጽል .................